*ውፉያት ተጋሩ ዲያስፖራ - DEDICATED TIGRAYAN DIASPORA- Email- dedicatedtd@gmail.com*

# ብሽም ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ብዕለት 15 ጥሪ 2017ዓ.ም ዝወፀ መግለፂ ብጥብቂ ዝኹንን መግለፂ ማሕበር ውፉያት ዲያስፖራ ተጋሩ

ንሕና ሲቪል ማሕበረሰብ ውፉያት ተጋሩ ዲያስፖራ ህዝቢ ትግራይ ብዕስለ ፀላእቲ እናተጨፍጨፈ ንሕና እውን ከም ህዝቢና ንመንነትናን ንህዝቢናን እናተቓለስና ዋጋ እናኸፈልናን ፀኒሕናን ኣለናን። ተወፊና ንቃለስ ዝነበርናን ዘለናን፤ ከም ህዝቢ ክንነብርን ዋጋ ቃልሲና ድማ ኣብ ትግራይና ሰላም፣ፍትሒን ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን ክህነፅ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ትግራዋይ ዝብህጋን ዘልመዓን ትግራይ ክንርእይ ኣዩ። ብዕስለ ፀላእትና ጀኖሳይዳዊ ኲናት ተኣዊጁልና፣ኣብ ታሪኽ ትግራይ ተኸፊሉ ብዘይፍለጥ መስዋእቲ ብስምምዕ ፕሪቶያ እቲ ኲናት ደው ኢሉ። ክብሪ ንሰራዊት ትግራይ፤እዚ ውዕል ንኽፍረም እቲ ዓንዲን ማእገርን ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ናይ ኣንበሳ ግደ ኣለዎ።

እቲ ሓደጋ ፅንተት ዝወለዶ ጅግና ሰራዊት ትግራይ ድሕሪ ምፍራም ውዕል ፕሪቶሪያ ኣይጠዓሞን። ውዕል ፕሪቶሪያ እውን ናብ ተግባር ከይሸረፍ መራሕቲ ህወሓት ህዝቢን ግዛኣት ትግራይን ንበላዒ ደርብዮም ኣብ ምሽማይ ስልጣን ሕኹትኩት ክብሉ ክልተ ዓመት ሓሊፍዎም ኣሎ። ብሰንኪ ምብላዕ መራሕቲ ህወሓት ሓድነትና ላሕሊሑ፣ ዓንዲን ማእገርን ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ሰራዊትና እውን ብሰንኪ ዝተወሰኑ ላዕለዎት መራሕቱ ካብ ልእኾቶኦም ወፃኢ ናብ ፖለቲካ ትግራይ ኢዶም እናእተው ህልውንኡ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ኣሎ። እዞም ውሱናት ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ምስ ንስልጣን ንዝሻመዩ ዘለው ጉጅለታት ህወሓት እናወገኑ ንባዐሎም እውን ናብ ስልጣን እናቋመቱ ስቓይ ህዝብና የምርርዎን የንውሕዎን ምፅንሖም ኩልና ኣብ ዓብዪ ጓሂ ኮይንና እናረኣናዮ ዝመፃእና ሓቂ እዩ።

ዝነበሩ ድኽመታት ኣብ ክንዲ እናተኣረሙ ዝኸዱ ብግልባጡ ኩነታት ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ እናንቆልቆል ናይዚ መዛዘሚ ድማ ብጥሪ 15/2017 ዓ/ም ብሽም ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ህልውና ህዝቢን ሰራዊትን ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ዘእትው ሓሳብ ዝሓዘ መግለፂ ብዕሊ ኣውፂኦም ኩነታት ትግራይ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ከምርሕ ገይሩዎ ይርከብ። እዚ ውሳነ ሓድነት ስራዊት ትግራይ ናብ ሓደጋ ዘውድቕ፣ ሰራዊት ትግራይ ዝብትን፣ ካብኡ ሓሊፉ እውን ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ዝዘርግ ኣዝዩ ሓደገኛ ውሳነ እዩ። እዚ ውሳነ ብተወሳኺ ብውዕሊ ፕሪቶርያ ዝተጣየሸ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ ብምፍራስ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘፍርስ፣ ንትግራይ ኀቲቱ ናብ ዳግም ግርጭትን ደም ምፍሳስን ዝመልስ እዩ ሓደገኛ ውሳነ እዩ። እዚ ውሳነ ብተወሳኺ እታ ውፃእ መዓት፣ ተረፍ ፅንተት ዝኾነት ትግራይ ዝነበሩዋ ኩሎም ፖለቲካዊ መዋገዪታት ዘሕድግ፣ ምርጫ ትግራይ 'ኲናት' መሲሉ ክረአ ዘገድድ፣ ንትግራይ ናብ ዝኸፍእ ዓለማዊ ተነፅሎ ዘእቱ ኣዝዩ ሓደገኛ ውሳነ እንትኸውን ብኡኡ ጥራሕ እውን ከይተደረተ ትግራይ ናይ ዘይዛሪ

ኲናትን ዕግርግርን ማእኸል ክትከውን ዝገብር እዩ። በዚ መሰረት ንሕና ውፉያት ዲያስፖራ ተጋሩ ነዚ ናይ ሰራዊት ትግራይ ስነ-ምግባር ዘይብሉ፣ ልኡኽቶ ሰራዊት ትግራይ ዘይኮነ፣ ውግንና ሓደ ፖለቲካዊ ጉጅለ ዝሓዘ፣ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ግምት ዘየእተወ፣ የግዳስ ንትግራይ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ መዋጥርን ናይ ሃለዋት ሓደጋን ዘእቱ መግለፂ ብዕሊ ንቃወሞ ኣለና። በዚ መሰረት ተቛውሞና በዚ ናይ ትካልና ማሕበር ውፉያት ዲያስፖራ ተጋሩ መርገፂ ዝኾነ በዓል 6 ነጥቢ መግለፂ ብዕሊ ንገልፅ።

1. ብሽም ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ዝግበር ፖለቲካዊ ሽፈጥ፣ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ኢድ ምትእትታውን፣ ብዝተወሰኑ ኣመራርሓ ሰራዊት ኣንፃር ውዕል ፕሪቶሪያ፣ሓድነት ህዝቢን ናይ ፀጥታ ሓይሊን ንምብታን ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓስን  ብህፁፅ ደው ይበል።
2. ንኹሎም ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይን ሲቪል ማሕበራትን  ዝሓቑፈ ሓድነት ህዝብና ዝመልስ ሓይሊና ዝእክብ ቤት ምኽሪ ብህፁፅ ይመስረት።
3. ኣብ ልዕሊ ፅንተት ዝተፈፀሞ ህዝቢና ብመራሕቲ ግዜያዊ ምምሕዳር ይኹን ብጉጅለታት ህወሓት ከምኡ እውን ብዝተወሰኑ ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ዝረአ ዘሎ ንዕቐትን ኣሽካዕላልን ደው ክብል ኣብ መላእ ዓለም እንርከብ ዲያስፖራ ተጋሩ ብሓደ ድምፂ ስርዓት ንኽሕዙ ህዝቢናን ዓድናን ናብ ከቢድ ሓደጋ ካብዘእቱ ተግባራት ክቑጠቡ  ፀቕጢ ክንፈጥር ፃውዒትና ነቕርብ።
4. ቤት ምኽሪ ትግራይ ንኽምስረት፣ግዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ክጥንክር፣ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ብምሉእነት ተግባራዊ ንክኾን፤ ትግራይ መንግስቲ ከይህልዋ ዝህውኽን ስምምዕ ፕሪቶሪያ ከፍርስ ዝሰርሕ ሃይሊ ስርዓት ንምትሓዝ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ኩሉ ዓይነት ሓገዝ ከም እንገብር ነፍልጥ።
5. ኣብ ልዕሊ  ስቓይ ህዝብና ዘናውሕ ተግባር ዝፍፅሙ ዘለው ኣባላት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ይኹኑ ኣብ ኽልቲኡ ጉጅለታት ህወሓት ዘለው ኣመራርሓ፣ሽምን ክብሪን ዓንዲን ማእገርን ህዝቢና ንዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ዘራኽስ ዘይሕጋዊ ተግባር ዝፍፅሙ ዘለው ኣካላት እቲ ፀረ ሰብኣውነት ተግባሮም ንዓለም ለኸ ትካላትን ንመዳርግቲ ኣካላት ስምምዕ ፕሪቶሪያን እናፍለጥና  ናብ ሕጊ ንኽቐርቡ ኩሉ ዓይነት ፃዕሪ ከም እንገብር ነፍልጥ።
6. ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣ ዝኸበርካ ተጋዳላይ ትግራይ ብፍላይ ድማ መናሰይ ትግራይ፤ እዞም ብሽም ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ንውልቃዊ ጥቕሞምን ንዝደለይዎ ሰብ ፖለቲካዊ ስልጣን ከዕትሩን ናብ ኲናት ከእትውኻ ሃንደፍደፍ ዝብሉ ዘለው ኣካላት ኣለልዮም። ይኣክል ክትብሎምን መንግስቲ ክህልወና ቃልስኻ ክተሐይልን ንፅውዕ። ትግራይ ኣብ ዘይዛሪ ኲናት ንኽትነብር ብናይ ደገን ውሽጢን ሓይልታት ዝእለም ዘሎ ሸርሒ ንኽተምክኖ ኣትሪርና ንፅውዕ

ክብሪን ሞጎስን ንስውኣትና!

ውፉያት ተጋሩ ዲያስፖራ

ጥሪ 16 / 2017